**ኣታ ዛ ግዜስ ታይኮይና**

ኣታ ዛ ግዜስ ታይኮይና

ሓቂን ፍትሕን  ክደፊና

ሓሶትን ጃህራን ገነና

ሕሜታን ጥልመትን ሰፊና

ፍርህን ራዕድን ሰሰና

ጉቦን ዓመጽን ገነና

ሕግን ቅዋምን ተደፊና

ጠበቃን ፈራድን ምስ ሰኣና

ኤረታይ ክንከውን ኢና

እጽልምት ኣሎ መጻኢና

ዓገብ ክሳብ ዘይበልና

ቀጻሊ ሺግርና

ጥልመትን ኽሕደትን ካብ ገነነ

ወድሰብ ብዋጋ ዕዳጋ ካብተሸነነ

ዓገብ ዝብል ካብተሳእነ

ስደትን ሞትን ካብሰፈነ

ሰብ ንሰብ ካብ ጨከነ

ሕውነትን ፍቅርን ብገንዘብ ምስኮነ

ዝኣመንካዮ ጠላም ካብኮነ

ዓለም ጸሊኤኪ ኣነስ መኒነ

ደቅሰብ ንታዓረ

እወ ንታዓረ

ነንሕድሕድና ንበህል እቅረ

ኣምላኽ ከይተቆጠዔ ከይነደረ

ንበሃሃል እቅረ

ነዛ ዓለምና ንምሓራ

ከይነቱግ እሳተ ጎመራ

ከየስፋሕፍሕ ደርቂ ሳሃራ

ከይከብደና ሂወት ናብራ

እዛ ዓለምና እዛ ምድራ

ከይተዕለቅልቅ ዳግማይ ኖህ ባሕራ

ብተስፋልደት ገብራይ

tesfaldet hgebray sweden skaraborg